## ስርዓት ህግደፍ ኣብ ከባቢታት ኲናማ ግፋ ኣካይዱ

ስርዓት ህግደፍ ብዕለት 10/01/2017 ኣብ ከተማ ባረንቱ ግፋ ከም ዘካየደ ተፈሊጡ፡ ህግደፍ ነዚ ግፋ ለይቲ ሰዓት 10፡00 ጀሚሩ ኣብ እንዳ ማስተ፣ መዋፈሪ መኪናታት፣ ዕዳጋን ብምድባይ ግፋ ከም ዘካየደ ካብ ማዕቶላዊ ሜሬት ኲናማ ኤርትራ ዝሙጻና ዜና ሓቢሩ፡፡

ብተመሳሳሊ ብዕለት 12/12/2016 ኣብ ቀሽት ቢራርን በዛ ዕለት ኣብ ንኡዝ ዘባ ማንደፈራ ብተመሳሳሊ ግፋ ከም ዘካየደ እቲ ደንጊዩ ዝሙጻና ዜና ሓቢሩ፡፡ ምስዚ ዝተኣሳሰር ዜና ብዕለት 22/12/2016 ኣብ ባረንቱ፣ ቢንቢልና፣ ዓዲ ባረ እውን ሰፊሕ ግፋ ከም ዘካየደን ነቶም ዝገፈፎም ንመደበር ታዕሊም ኪዕላይ ከም ዝወሰዶም እቲ ዜና ወሲኹ ሓቢሩ፡፡

ብካልእ ዜና ስርዓት ህግደፍ ንብሄረ ኲናማ ካብ ከተማታት መሊኡ ናይ ምጥፋእ ስጉምቲ ድሕሪ ምውሳድ፡ ሕጂ ከኣ ኣብ ቁሸታቱን ዘሊቁ ብምእታው ዝተፈላለየ ምስምሳት ብምፍጣር ሰዓብቱን ዑሱባቱ ንምስፋር ይነጥፍ ከም ዘሎ ተፈሊጡ፡ በዚ ማስረት ብዕለት 27/01/2017 ስርዓት ህግደፍ ሰራዊት ብምስዳድ ንተቀማጦ ቁሸት ኣሌዲሺላ፡ ኣብዚ ከባቢ ደቂ ኣንስትዮ ክንርኢ ኣይንደልን ኢልናኩምዶ ኣይነበርናን ብዝብል ጉልባብ ካብ ሚረበቶም የፈናቕሎምን ይሰጎምን ከም ዘሎ እቲ ዝሙጻና ዜና ኣረጋጊጹ፡፡ ሎሚ ዋና ከተማ ብሄረ ኲናማ ዝኾነት ባረንቱ ደቂ ኣባት ዝኾኑ ኣባላት ኲናማ ብኣጻብዕቲ ኣብ ዝቑጸሩሉ ብርኪ ከም ዝበጽሑ ምንም ምስክር ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን፡፡ ስርዓት ህግደፍ ብሄረ ኲናማ ንምጽናትን ካብ ሚረበቱ ብምፍንቓል ንክስደድ ብምድፋፋእ ኣብ ከቢድ ናይ ህላዌ ሓደጋ ኣሰጢሑዎ ከም ዝርከብ ሓደን ክልተን ዝበሃሎ ኣይኮነን፡፡

## ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ብሄረ ኲናማ ከቢድ ግፍዒ ይፍጽም ከም ዘሎ ተፈሊጡ

ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ንብሄረ ኲናማ ካብ ናብን ተንቀሳቒሱ ዕለታዊ ዘድልዮ ሸቀጣሸቀጥ ንከይገዝኡን ንከይልውጥ ሓይሩ ንምሓዝ ይነጥፍ ከም ዘሎ እቲ ዝሙጻና ዜና ሓቢሩ፡፡ እቲ ዝሙጻና ዜና ከም ዝሓበሮ ስርዓት ህግደፍ ብዕለት 04/01/2017 ዕዳጋ ቱካ መጺኦም ንክሸምቱን ንክልውጡን እስቤዛ ንምግዛእ ንዝመጹ ኣባላት ብሄረ ኲናማ ሰራዊቱ ብምውራድ ከም ዝበታተኖምን ካብቲ ቦታ እንዳቀጥቀጠ ከም ዘባረሮም እቲ ዝሙጻና ዜና ሓቢሩ፡፡ ካብዚ ዕግርግር ንምምላጥ ዝሃደም ዝነበረ ተወላዳይ ቁሸት ኡጋና መንገዲ ንምቁራጽ ክብል ብቶዮታ መኪና እግሩ ከም ዝተሰበርን ክሳብ ሕጂ ኣብ ምንታይ ኩነታት ከም ዝርከብ ዝተፈልጠ የለን፡፡

ብካልእ ዜና ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ሃብቲ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ንምእታውን ንምቁጽጻር ዘውጾ ሕጊ ንምትግባር ብዑሱባቱ ኣብ ህዝቢ ኣኼባታት የካይድ ከም ዘሎ ተፈሊጡ፡ በዚ ማስረት ብዕለት 6/01/2017 ኣመሓዳሪ ካርካሻ ዑሱብ ሉተር መሳ ንተቀማጦ ካርካሻ፣ ኡጉሙ ታይካናባ ኣኼባ ከም ዘካየደሎም ተፈሊጡ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ኣኼባ ግብሪ ሜሬትን እንስሳ ዜበትን ዝምልከት ኮይኑ፡ ንሓንቲ ሄክታር 150.00 ናቕፋ፣ ንገመል 100.00፣ ንከብቲ 50.00፣ ኣድጊ 25.00 ፣ ጠለ በግዕ 13.00 ናቕፋ ንክኸፍሉ ዘገደድ መምርሒ ከም ዝሃቦም ተፈሊጡ፡ ኮይኑ ግን ህዝቢ ነዚ እከይ ግበታ እዚ ከም ዘይተቐበሎ እቲ ዝሙጻና ዜና ወሲኹ ሓቢሩ፡፡